# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.204 | ሰንበት 26 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 4 ባህርያዊ ሃብትን ኣጠቓቕማኡን





ገጽ 5 ሓካይምን ተሓከምትን ሰውራ





ገጽ 7 ዝኽሪ ዛዛሚ ኲናት ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ





ገጽ 8 ዝሰዕብ ኣሰልጣኒ ቸልሲ፣...




## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ሩስያ ኣብ ዝተቓነዐ ቀጠባዊ ዋዕላ ዩሮ-ኤስያ ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 20 ክሳብ 22 ሚያዝያ ኣብ ከተማ የከተሪንበርግ - ሩስያ ኣብ ዝተቓነዐ መበል 16 ቀጠባዊ ዋዕላ ዩሮ - ኤስያ ተሳቲፉ።

እቲ ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ትምህርትን ስነ-ፍልጠትን ሩስያ፡ ዩኒቨርሲቲ ስነ-ቀጠባ ኡራልን ምምሕዳር ከተማ ኢየተሪንበርግን ዝተወደበ ዋዕላ፡ ብቐንዱ ተመሃሮ ዩኒቨርሲታትን መንእሰያት ተመራመርትን ንምትብባዕ ከምኡ'ውን ኣብ መንነ ተመሃሮ ዩኒቨርሲታት ዓለም ናይ ሓበር መረዳእታ ንምፍጣር ዝዓለመ'ዩ ነይሩ።



ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ እቲ ኣጋጣሚ ምትሕብባር ንምድንፋዕ ዕድል ከም ዝፈጥሩ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን፡ ፕረዚደንታት ዩኒቨርሲታትን ተመራመርትን ዝርከብዎም፡ ካብ 117 ሃገራት ዝተወከሉ 24 ሽሕ ተሳተፍቲ ነይሮም።

## ዓለማዊ መዓልቲ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ተዘኪሩ

25 ሚያዝያ - ዓለማዊ መዓልቲ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ፡ "ሕማም ዓሶ ምጥፋእ ይከኣል'ዩ፣ ኮማዊ ጻዕርታትና ኣሓይል!" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ እምባደርሆ - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ተዘኪሩ።

ወከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ወ/ሮ ሂሜን ወልደገርግሽ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ዝተኻየደ ዘሎ ንጥፈታት፡ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ብደረጃ ዞባ ብልዑል መጠን ከም ዝጎደለ ገሊጻ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ምቁጽጻርን ምክትታልን ሕማም ዓሶ ኣቶ ክብረኣብ ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ሕማም ዓሶ ካብ 2016 ክሳብ 2030 ንምጥፋእ ብደረጃ ዓለም ዝወጸ ውጥን ንምዕዋት፡ ኣብ ሃገርና ካብ 2018 ኣትሒዙ ዕቱብ ጻዕርታት ይካየድ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ናብ ባዶ ምትሕልላፍ ንምውራድ ኣብ ዝዕመም ስራሕ፡ ናይ መላእ ሕብረተሰብን መሻርኽትን ምትሕብባር ከም ዘድሊ ሓቢሩ።

ካብ 2000 ክሳብ 2024 ብደረጃ ዓለም መጠን መልከፍቲ 2.3 ቢልዮን፣ መጠን ሞት ድማ 14 ሚልዮን ከም ዝዀነ ዝሓበረ ኣቶ ክብረኣብ፡ ካብዚ እቲ 95 ሚእታዊት ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ከም ዝዀነ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ናይ ዝርከብ መደበራት ጥዕና ሓለፍቲ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ጥዕና ኣብ ዓድታት፡ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ናይ ዘሰላሰልዎ ንጥፈታት ጸብጻብ ኣቕሪቦም።

ዓለማዊ መዓልቲ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ፡ ሎሚ ዓመት ብደረጃ ዓለምን ሃገርናን ንመበል 19 ግዜ ተዘኪሩ።




ስእሊ: ሮቤል መረስዕ

## ፎሮ - ኣብ ምሕደራ ፍቓድ ዋኒን ዝተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ፎሮን ሮብሮብያን፡ ብ21ን 22ን ሚያዝያ ኣብ ምሕደራ ፍቓድ ዋኒን፡ ከምኡ'ውን ወሃንቲ ፍቓድ ዋኒን ክኽበርዎ ዘለዎም ጥንቃቐታት ዝተኰረ ኣስተምህሮ፡ ንወሃንቲ ትካላትን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ምሃብን ምሕዳስን ፍቓድ ዋኒን፡ ምስራዝን ምድሳልን ፍቓድ ዋኒን፡ ኣተዓዳድላ ፍቓድ ንግዲን ምትሕልላፍ ፍቓድ ንግዲን ዝብሉን ካልኦትን ዛዕባታት ዝጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊት ጨንፈር ንግዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ መስዑዳ ሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ንቑጠባዊ ረብሓ ዝጥፍእ ሰብ ወይ ትካል፡ ኣብ ዝምልከቶ ጽላት ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኡ ፍቓድ ዋኒን ክወጽእ ዝግብኦ'ኳ እንተኾነ፡ ዝኾነ ኸኣ ብዘይ ፍቓድ ዋኒን ዝጥፉ ሓላለፍም ከም ዝረኣዩ ብምሕባር፡ ነዚ ንምቁጽጻር ብወሃደት ክሰርሕ ኣተሓሳሲባ።

ወ/ሮ መስዑዳ ኣሰዒባ ፍቓድ ዋኒን ካብ ዝተዋህቦ ዕለት ንሓደ ዓመት ጥራይ ስለተገልግል፡ ናይ ምሕዳስ መስርሕ ኣብ ውሽጢ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ናይ ዝቕጽል ዓመት ክካየድ ከም ዝግብኦ፣ ኣብ'ቲ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ዘይሕደስ ድማ፡ መቕጻዕቲ ብምኽፋል ቅድሚ መወዳእታ ናይ`ቲ ዓመት ክሕደስ መኸረት።

ብዘይ ፍቓድ ዋኒን ምንጣፍ፣ ፍቓድ ዋኒን ካብ ዘፍቅዶ ወጻኢ ምስራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜኡ ፍቓድ ዋኒን ዘይምሕዳስን ግብሪ ዘይምኽፋልን ዘለዎ ሳዕቤን ድማ ብዝርዝር ገሊጻ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ንግድን ኢንዱስትሪን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ጽዓት ኣቶ ዳዊት እምባዬን ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ሳልሕ ኢብራሂምን ብግዴኦም፡ ፍቓድ ዋኒን ብጉቡእ ምስ ዘይስራዝ ግዳይ ወህሉል ግብሪ ስለዝኸውን፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘየለዋ ትካላት ፍቓድ ዋኒነን ክስርዛ ጸዊዖም።

## ዓረዛ - ቅነ ውዳቤታት ሃማመተኤ ተኻዩዱ

ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ ዕዙዝ ተሳትፎ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝተራእየሉ ቅነ ውዳቤታት፡ ኣብ ዐብል - ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣካዪዱ።

ብ22 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ - ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዝጠርነፈ ደርህባ፡ ጉዱድንገር፡ ዓዲ-ባላን ዓዲ-ወሰኽን ዝተሳተፍዎ ቅነ ኣብ 12 ምድባት ዝተኸፋፈለ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ንጥፈታት ብመልክዕ ውድድር ከም እተኻየደ ተገሊጹ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ ኣማኒኤል ኣምባቸ፡ ዕላማ'ቲ መደብ ኣብ መንጎ መንእሰያትን ተመሃሮን ሌላ ምፍጣር፣ ብመልክዕ ውድድር ኣካላውን ኣእምሮኣውን ብቕዓት ከጥርዩ ምትብባዕ፣ ከምኡ'ውን ዝማለኣቶም ምልላይን ምምዕባልን ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ቅነ ብምጥቃስ፡ ብኸሉንትንኡ ንኽዕወት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብትኣብ ተስፋጼንን ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓረዛ ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያምን በበወገኖም፡ መንእሰያት ብሓድነቶም ስጡማት፣ ብስርሖም ብሉጻት፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ ክብርታቶም ዝተሓብኡ ኽኸኑ ሃማመተኤ ንዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ደገፍ ናይ ኩሎም ኣካላት ከይፍለዮ ተማሕጺኖም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ኣስታት 1,500 መንእሰያትን ተመሃሮን ዝተሳተፍዎ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ መደባት፡ ብውልቒን ብጉጅለን ንዝተዓወቱ ሽልማት ክሳዕል ከሎ፣ ምምሕዳር ከባቢ ጉዱድንገር ጉበለል ብምኻን ዋንጫ ተሸሊሙ።

ዐብል፡ ካብ ከተማ ማይ-ድማ ኣስታት 30 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።

**ጽንዓትና ዋሕስና ! ! صمودنا ... ضماننا !**

**OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE !**

# ዓዲ ቐይሕ - መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያታት ሰልጢኖም



ኣብ ዓዲቐይሕ፣ ብዝተፈላለየ ሞያታት ዝሰልጠኑ 116 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 191 መንእሰያት፣ ብ23 ሚያዝያ ተመሪቖም።

እቲ ካብ 2 ክሳብ 4 ወርሒ ዝወሰደ ስልጠና፣ ምግጣጣም ቴብታትን ጽገና ሞቶረን፣ 1ይ ረዲኤትን ስነጽባቐ ጸጉሪ ርእስን ከምዝጠቓለለ፣ ሓላፊ ሃግመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ባሮለ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፣ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግቡእ ክሰርሕሉ ተላብዩ።

ቤት-ጽሕፈት ሃግመተኤ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፣ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ንልዕሊ 1,200 መንእሰያት ሞያዊ ስልጠናታት ከምዝሃበ ሰነዳቱ የርኢ።

# ደቡብ ደንካልያ - ሱታፈ ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ተመጕሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንኳልያ፣ ተጠቃምነት ህዝቢ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝምስገን ምዃኑ፣ ኣመሓዳሪ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ መሳ ሓጂ መሓመዳ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብዘዘበሮ ዝፍ ወፍሪ፣ 24 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፣ 16 ናይ መባእታ፣ 5 ናይ ማእከላይ ደረጃን ሓንቲ ናይ ካልኣይ ደረጃን ብድምር 46 ኣብያተ-ትምህርቲ፣ 6 መደበራትን 3 ነቑጣታትን ጥዕና፣ ከምኡ'ውን ኣብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ፕሮጀክትታት ጽሩይ ዝስተ ማይ ከምዝተዋደደ፣ ኣቶ መሳ ገሊጹ።

ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ተጥቃምነትን ናብዮትን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ፣ ውሕስነት ጥዕና ኣደን ዕሸልን ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ጻዕሪ ጽቡቕ ውጽኢት ከምዘተረኸበ፣ ከምኡ'ውን ሽፈነ ክታበት ብምስፋሑ ሕማማትን ሳዕቤናቱን ከምዝተወገደ ኣብሪሁ።

ህዝቢ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምኡ'ውን ምጽጋን ጽርግያታት ልዑል ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ መሳ፣ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ብውልቀ-ሰባት ተጀሚሩ ዘሎ ንጥፈታት ኣተባቢዒ ስለዝኾነ፣ ንምስፋሑ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣቶ መሳ ሓጂ ኣብ መወዳእታ፣ ጸገም ኣገልግሎት መጓዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ ተማሕጺኑ።

# ሓልሓል - ማእቶታዊ ንጥፈታት ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፣ ብሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ፣ ኣብ ጽገና ናይ ሓመድ ጽርግያ፣ ምዝላይ ግራውትን ምስራሕ መእለዪ ውሕጅን ዘተኮረ ንጥፈታት፣ ኣብ ትሸዓተ ምምሕዳራት ከባቢ ተሰላሲሉ።

ኣብ'ቲ ካብ 16 ክሳብ 21 ሚያዝያ ዝተኻየደ ወፈራታት፣ ህዝቢ፣ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ከምዝተሳተፉ፣ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ግርማጼን ኣብርሃ ሓቢሩ።

ዕላማ'ቲ ወፈራታት፣ መሬት ናብ ሓፀላይ ንምቕያር ከምኡ'ውን እቶት ንምኽዕባት ከምዝኾነ ብምሕባር፣ ምግራብን ምዝላይ ግራውትን ብዕቱብ ክስራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ዝዕመም ዘሎ ንጥፈታት ምስ ህይወቶም ብቐረባ ዝተኣሳሰር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፣ ብዝለዓለ ከምዝደፍኡሉ ኣረጋጊጾም።



# ሻምብቆ - ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ ተበግሶ ተወሲዱ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ግርመ - ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፣ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዘርኣ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ፣ ብተበግሶ ኮምን ምትሕብባር ኣሃዱታት እዚ ምዕራብን ተወሳኺ ክፍልታት ይስራሕ ኣሎ።

ነቲ ስራሕ ንምዕማም፣ ህዝቢ ገንዘቡን ጉልበቱን ኣወሃሂዱ ተበግሶ ክወስድ ከሎ፣ ኣብ'ቲ ከባቢ እትርከብ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻል ድማ ብጉልበትን ሞያን ዕዙዝ ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ፣ ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ዳዊት ብርሃነ ገሊጹ።

እቲ ተበግሶ፣ ነታ ኣብ ውሱን መምሃሪ ክፍልታት ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ክተምህር ዝጸንሐት ቤት-ትምህርቲ ምቹእ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ባይታ ዝፈጥር ምዃኑ ዝሓበረ ርእሰ-መምህር'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ፊልሞን ተኽለማርያም፣ እቲ ስራሕ ሓሙሽተ ንመምሃሪ፣ ሰለስተ ንካልእ መዓላ ዘገልግል ክፍልታት ከምዝጠቓልል ኣረዲኡ።

ኣዛዚ ብርጌድ ናይ'ታ ኣብ'ቲ ስራሕ ተዋፊራ ዘላ ኣሃዱ ብወገኑ፣ እቲ ስራሕ ክሳብ ዝዛዘም ኣበርክቶኦም ቀጻሊ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ግርመ ብወገኖም፣ ምስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ተወሃሂዶም ዘሰላስልዎ ዘለዉ ህንጻት ተወሰኽቲ መምሃሪ ክፍልታት፣ ደቆም ኣብ ቀረባ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩሉ ባይታ ዘውሕስ ብምዃኑ፣ ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ገሊጾም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## መደብ ቴለቪዥን

(ሰንበት)

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዚይይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | ዝኽርታት ረፈረንደም 23-25 ሚያዝያ 1993 (4ይ ክፋል) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ መኣዝን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደርፌ |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ጆርጅ ዴ ላቱር

ጆርጅ ዴ ላቱር ሓደ ካብቶም ንኣስታት 300 ዓመታት ታሪኽ ዝረስዖም ስነ ጥበባዊ እዩ። እዚ ታሪኹ ብዝምባእ ዘይተሰነደ ላቱር፡ ‘ታሪኽ ዝረስዖ ስነ ጥበበኛ’ እናተባህለ እዩ ዝግለጽ። ጆርጅ ኣብ 1593 ኣብ ሓንቲ ካብ ገጠራት ፈረንሳ ተወሊዱ። ንሱ ካብቶም ሸውዓተ ውሉድ ዝፈረየት ስድራ መበል ካልኣይ እዩ። ክልቲኦም ስድራቤቱ ሰንከትቲ እዮም ነይሮም።

ንሱ ካብ ግዜ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ቀባኣይን ቀራጻይን ምንባሩ እዩ ዝግለጽ። ብዙሓት ጸሓፍቲ፡ ላቱር እቲ ፍሉይ ስነ ጥበባዊ ክእለቱ ካብቲ ኣብቲ ግዜ ዓበይቲ ስሙያት ስነ ጥበባዊ ዝነበረ ካልእ ዶኳዝ ከም ዝተማህሮ እዮም ዝገልጹ። መብዛሕትኦም ቅብኣታት ላቱር ድማ ዓሚቕ መንፈሳውን ሃይማኖታውን መልእኽቲ ዝነበሮም እዮም። ኣብ 1614 ድማ ናብ ጥልያን ብምጉዓዝ ምስ ሓደ



ኣብቲ ግዜ ህቡብ ቀባኣይ ዝነበረ ፈይግንባውም ካርቫግዮ ዝተባህለ ሰብ ተራኺቡ። ምስኡ ንክልተ ዓመት ብምጽናሕ ካብኡ ብዙሕ ተማሂሩ። ኣብ ኩሉ ኣካዳ ህይወቱ ዓቢ ጽልዋ ከም ዝሕደረሉ’ውን እዩ ዝገልጽ።

ላቱር ኣብ 1617 ዲያን ሊ ነርፍ ምስ ዝተባህለት ጓል ሃብታማት ስድራ ተመርዕወ። ንሱ ምስ ሰበይቱ ሕጉስ ሓዳር’ኳ እንተነበሮም ካብቶም ዓሰርተ ዝወለድዎም ቈልዑ፡ ሰለስተ ጥራይ እዮም ክዓብዩ ክኢሎም። እቶም ዝተረፉ ቅድሚ 18 ዓመቶም ይሞቱ ነበሩ። በኹሪ ወዱ ኢቴን ኣሰር ኣቦኡ ብምስዓብ ቀባኣይ ኮነ። ላቱር ብዝነበሮ ተፈላጥነትን ፍሉይ ክእለትን ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ፈረንሳ ብስሙ ስቱድዮ ክኸፍት ክኢሉ እዩ።

ኣብ 1652፡ ኣብ ገለ ክፋል ሃገራት ኤውሮጳ ብዝተራእየ ተላባዒ ሕማም ብዙሓት ሰባት ይሞቱ ነበሩ። ሰበይቱ በዚ ሕማም ምስ ተቐዝፈት፡ ላቱር ኣብ ክልተ ሰሙን እዩ ኣብ መበል 58 ዓመቱ ኣሰራ ሰዒቡ።

ዲሚትሪ ሳልሞን ዝተባህለ ውልቀ ሰብ ብዛዕባኡ ኣመልኪቱ ኣብ ዝጸሓፎ፡ “ስርሓት ላቱር ፈጺሞም ኣይተደግሙን፡ ድሕሪ ሞቱ’ውን ሒደት ሰባት ጥራይ እዮም ብዛዕባኡ ክዛረቡ ክኢሎም። መብዛሕትኦም ስርሓቱን ስቱድዮታቱን እውን ብሰንኪ ኩናት ዓንዮም እዮም። ኣብ 20 ዘመን፡ ተመራመርቲ ታሪኽ፡ ንስርሓት ቱር ክድህስሱ ምስ ጀመሩ እዩ ታሪኹ ብዝምባእ ክሰነድ ክኢሉ። ኣብ 1915 እውን ሄርማን ቮስ ዝተባህለ ተማራማሪ ስነ ታሪኽ፡ ‘ስርሓት ላቱር ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ናይ 20 ዘመን ርኽበት እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ስነ ጥበባዊ ን300 ዓመታት ተረሲዑ ክጸንሕ ዘገርም እዩ’ ክብል ገሊጽዎ” ይብል።

## ካብ ኣይናቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

- ኣብ 1518 ኣብ ፈረንሳ ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ ገጠር፡ ብሓንቲ ሰበይቲ ናብ ጎደና ብምውጻእ ዝጀመረ ሳዕስዒት ናብ ኣማኢት ሰባት ክልሕም ግዜ ኣይወሰደን። እቶም ብዘይ ምቁራጽ ንነዊሕ ሰዓታት ዝለሃዩ ዝነበሩ ሰባት ብድኻም ተዘርዚሮም ክወድቁን ክሞቱን ጀሚሮም። ኣብቲ ሳዕስዒት ኣስታት 400 ሰባት ከም ዝተሳተፉ እዩ ዝግለጽ። እዚ ሓደ ካብ ኣደናቒ ታሪኻዊ ፍጻመ፡ ነቶም ብኣማኢት ዝቖጸሩ ሰባት ናብ ጎደናታት ወጺኦም ንብዙሕ ሰዓታት ብዘይ ዕረፍቲ ክስዕስዑ ዝገበሮም ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ክሳብ ሎሚ ግድሉ ኣይተፈትሐን።
- ሓደ መዓልቲ ፊንሃስ ጌጅ ዝተባህለ ሰብ ሓደ ጉድጓድ ብምኹዓት ባሩድ ናይ ጠያይት ኣብኡ መልኣ። ድሕሪ’ዚ ኣብ ልዕሊኡ ሓጺንን ሑጻን ገይሩ ቀበሮ። እንተ ኮነ እቲ ባሩድ ምስ ሓጺን ብምትንኻፍ ብምቅጻሉ ኣብ ልዕሊ ጌጅ ሓደጋ ኣውረደ። ብሰንኪ እቲ ሓደጋ ከኣ ገጹን ገለ ክፋል ሓንጎሉን ተሃስዩ፡ ጌጅ ወላ’ኳ ኣብ ኣካላቱ ከቢድ ሓደጋ እንተ ወረዶ፡ ንዝቐጽለ 12 ዓመታት ግና ብህይወት ክጸንሕ ክኢሉ እዩ። እንተ ኮነ እቲ ልዙብን ፍቱውን ዝነበረ ባህርያቱ ናብ ሓደ ዓቕሊ ዘይብሉን ጎነጻውን ተቐየረ። ምልውዋጥ ጌጅ ንሓካይምን ክኢላታት ኣእምሮን ንመጀመርታ ግዜ ምትእስሳር መጉዳእቲ ሓንጎል ምስ ለውጢ ባህርያት ኩብርሃሎም ክኢሉ እዩ።
- ኣውስትራያዊ-ሃንጋራዊ ፍራንዝ ረይቸት ብገዛእ ምህዞኡ ዝሞተ ሰብ እናተባህለ እዩ ዝግለጽ። ንሱ ኣብ መጀመርታ 19 ዘመን፡ ነፋሪት ኣብ በረራ ከላ ንዘጋጥማ ጸገም ክፈትሕ እዩ ኣንቂዱ። ስለዚ ከም ጋንጽላ ኮይኑ ካብ ላዕሊ ከውርድ ዝኽእል ምህዞ መሃዘ። ነዚ ክሰርሕ ብዙሕ ፈተነታት እዩ ኣካይዱ፡ ሓደ መዓልቲ ግና ንምህዞኡ ንምፍታን ኣብ ጫፍ ናይ ሓደ ነዊሕ ደርቢ ደየበ። እንተ ኮነ ኣብ ኣየር ከሎ እቲ ጋንጽላ ምስራሕ ስለ ዝኣበዮ ካብቲ 187 ብራኸ ዝነበሮ ህንጻ ወዲቑ ሞተ።
- ንጉስ ፈረንሳ ዝነበረ ቻርለስ ሻዱሻይ ኣካላቱ ካብ ጥርሙዝ ከም ዝተሰርሐን እንተ ዘይተጠንቂቑ ከም ብኬሪ ሸዋሕዋሕ ኢሉ ክሰብር ከም ዝእኽእልን እዩ ዝኣምን ነይሩ። እዚ ሎሚ ከም ሓደ ሕማም ዝወሰድ እኳ እንተ ኮነ፡ ቅድሚ 17 ዘመን ግና ኣብ ኤውሮጳ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ልሙድ ኣይነበረን። ስለዚ ቻርለስ ከይሰብር ብምፍራሕ፡ ዝኾነ ሰብ ናብ ኣካላቱ ክቀርብ ፍቓደኛ ኣይነበረን። ወዲቑ ንኸይሰብር ድማ ኩሉ ግዜ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ክዳውንቲ ይኸደን ነበረ። ኣብ ለይቲ ክድቅስ ከሎ ከኣ፡ ኣካላቱ ብብዙሕ ኮበርታታት ገይሩ ይጥቕልሎ ምንባሩ ይንገር።




## ከምዚ ‘ውን ኣሎ



- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዓመታዊ ዝጽንበል ሓደ ተፈታዊ ስፖርት ኣሎ። ንሱ ከኣ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣንስቶም ወይ ኣፍቀርቶም ተሰኪሞም ዝጎይዩ ውድድር እዩ። ተወዳደርቲ ቅድሚ ናብ ውድድር ምእታዎም መሰላቕ መመላኽዒታት ኣብ ገጾም ይገብሩ። ብዘይካ’ዚ እተን ዝሕዘላ ደቂ ኣንስትዮ ክብደተን 50 ኪሎን ልዕሊኡን ክኾውን ኣለዎ። ትሕቲ 50 ኪሎ ግራም ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ግና ክወዳደራ ምስ ዝደልያ፡ እቲ ተደልዩ ዘሎ ሚዛን ንኽበጽሓ ሓርጭ ወይ ማይ ክስከማ ኣለወን። ኣወሃሃድቲ እቲ መደብ፡ “ኣብቲ ውድድር ትሳተፍ ሰበይትኻ ጥራይ ኣይኮነትን ክትከውን ዘለዋ፡ መሓዛኻ ወይ ፈላጢትካ ክትከውን ትኽእል እያ። ከምኡ’ውን ተወዳደርቲ ኑተን ምስኣም ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ክስከሙወን ከም ዘለዎም ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፡” ይብሉ። እቲ ውድድር ዓቕብ፡ ቁልቁለትን ጎላጉልን ዘጠቓልል በዳሂ ስፖርት እዩ። እዚ ውድድር ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ 2008 እዩ ጀሚሩ። ሎሚ ዓመት ኣብዚ ውድድር ዝተዓወቱ እንግሊዛውያን መጻምድቲ ኢድዋርድ ናሽን ካትሪን ናይትን ኣብቲ ኣብ ሓምለ ኣብ ፊንላንድ ዝካየድ ኣህጉራዊ ውድድር ንሃገሮም ወኪሎም ክሳተፉ እዮም።
- ኣመሪካዊ ሚክይ ባረቶ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ሓደ ሆቴል እዩ ንነዊሕ ዓመታት ከም ገዛኡ ተቐሚጡ። ንሱ ካብ 2018 ኣትሒዙ ምስ ካልኣዩ ብምዃን ኣብቲ ዓቢ ሆቴል ሓንቲ ክፍሊ ብምሓዝ፡ ንመዓልቲ 200 ዶላር እናኸፈለ እዩ ክቕመጥ ጀሚሩ። እንተ ኮነ ባረቶ ሓደ መዓልቲ፡ ዝተሰነዐ ወረቐት ብምሓዝ እቲ ክፍሊ ዋንነቱ ምዃኑ ዝገልጽ ክሲ እዩ ኣቕሪቡ። ጸኒሑ ከኣ እቲ ዓቢ ሆቴል ብምሉኡ ዋንነቱ ምዃኑ እዩ ክምጉት ጀሚሩ። እቲ ብሓንቲ ደቡብ ኮርያዊት ቤተ ክርስትያን ዝውነን ሆቴል ንጥርዓን ባረቶ ዝኾነ ግብረ መልሲ ኣይሃበሉን። እዚ መሕፈሪ ዘይብሉ ኣመሪካዊ፡ ሕሳብ ናይቲ ሆቴል ናብ ሕሳቡ ክሰጋገረሉ’ውን ሕቶ ኣቕሪቡ እዩ። ኣብ 2024 ናይ መውዳእታ ፍርዲ ኣብ ዝተዋህበ ባረቶ፡ ኩሉ ጠለቡ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ናብ ሕክምና ስነ ኣእምሮ እዩ ተላኢኹ።



## ኣከባቢ







# ባህርያዊ ሃብትን ኣጠቓቕማኡን

ዳዊት ዮሴፍ
ክ/መሬት - ሚ/መ/ማ/ኣከባቢን

ሃብቲ ተፈጥሮ ወይ ባህርያዊ ጸጋ ማለት ንመሬት ወይ ሓመድ፡ ኣግራብ፡ ማይ፡ ኣትክልትን እንስሳታትን ከምኡውን ከባቢያዊ ኣየር ዘጠቓልል እዩ። እዚ ሃብቲ'ዚ ካብዩም ተውዒቲ ወይ ከኣ ሃለኽቲ ወይ ወሰናት ኢልና እንገልጾም ጸጋታት ስለዝኾነ ብዓቢኡ ወይ ብውሕሉል ኣገባብ ክንጥቀመሉ ይግባእ። እዚ ምስ ዘይንፍጽም ግን ናብ ንበር ንኽንመልሶ ኣጸጋምን ነዊሕ ግዜ ከምኡውን ከቢድ ወጻኢታት ይሓትት። ስለዚ ድማ ናይ ሎሚ ወለዶ ከይሰሰዐ ንመጻኢ ብምሕሳብ ንባህርያዊ ሃብቲ ብዓቢኡን ውሕሉልን መገዲ ክጥቀመሉ ይግባእ። ውሕሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ሃብቲ ንምትግባር ድማ ዘሎካ ባህርያዊ ሃብቲ ብብዝሒኡን ዓይነቱን ብዓቢኡ ኣጸኒዕካ ንኣጠቓቕማኡ ውጥን ብምድላው ክፍጸም ክኽእል ኣለዎ።

መሬት ሓደ ካብ ባህርያዊ ሃብቲ ኢዩ፣ ከም'ቲ ልዕል ኢሉ እተገልጸ ብውሕልነት ክንጥቀመሉ እንተደኣ ኴንና ድማ ውጥን ኣመቓቕማ መሬት ብምድላው ጥራይ ኢና ክንጥቀመሉ ዝግባእ። ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ክበሃል ከሎ ከኣ፣ ንኹሉ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝግበር ንጥፈታት ወዲ ሰብ ዝምልከት ተኣሳሳሪ ማሰርሒ ኢዩ።

**ንኣብነት፦**

- ናይ ከተማ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት (Urban Land Use Plan)፦ ንመንበሪ፡ ኢንዱስትሪ፡ ትካላት፡ ማዘናግዒን መጻወትን ወዘተ ኣብዩ ይደኑን ኣቓዲምካ ንምልላይን ንምውሳንን ተባሂሉ ይዳሎ።
- ንናይ ዕደና ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት (Mining Land Use Plan)፦ ኣብዚ ድማ መጻረዩ ቦታ፡ መጉሓፊ ቦታ ወዘተ እናተባህለ እቲ መሬት ይከፋፈል።
- ሕርሻዊ ኣጠቓቕማ መሬት (Agricultural Land Use Plan)፦ ከም ደረጃ መጽናዕቲ ብዓቕሚ ወይ ኣኽእሎ (Land Capability)/(Land Suitability) ዝሰማማዕ ወይ ዝቃዶ ተባሂሉ ንሕርሻ (እኽሊ፡ ንመጉሓጺ ወዘተ እናበልካ ዝግበር መጽናዕትታትን ምክፍፋል መሬት ዘጠቓልል እዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ ነቲ ኣብ ሕርሻዊ ኣጠቓቕማ መሬት (Agricultural Land Use Panning) ብዝምልከት ክንርኢ ኢና።

ሱዳት ከምዝሓበርዎ ሳይንሳዊ ኣገባብ እተኸተለ መጽናዕትን ንምጋምን መሬት ከምኡውን ንኣጠቓቕማኡ ብዝምልከት ዝትግበር መጽናዕቲ ብጀርመናውያን ከም እተማህዘ ይንገር። እንተኾነ ብዮዝበሪ እተሰርሓሉ ኣብ ናይ ቀደም ሕብረት ሶቭየት ነበረ (the Bonitet system) ቅድሚ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኮይኑ ፍርያምነት ናይ ሓመድ ብምጽናዕን ዋጋ ብምሃብን ወጻኢት ሕርሻ ንምምማት ብምባል ኣተኣታትየሞ። ካልኦት ሃገራት ዓለምና ግን ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ኣጠቓቕማ መሬት ኣብ 1980-1990 ኣብ ዘሎ ግዜ እየን ብሰፊሑ ክጥቀማሉ ጀሚረን።

ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣማሓራ ስርዓት ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት እንተደኣ ከም ኣብነት ወሲድና፣ ንመሬት ኣብ 8 ክፍልታት ወይ ደረጃታት ይመቕልዎ ከም ቀንዲ ረቛሒ ምክፍፋል መሬት ዝጥቀሙሉ ድማ ትሪ ዕቃበን (Slope angle) ንውሓት ዕቃበን (Slope length) እዮም። ኣብ ሃገረ ካናዳ ዝሰርሓሉ ስርዓት ድማ ንመሬት 5 ደረጃታት ወይ ክፍልታት ዝመቕል እዩ።

ሃገርና ኤርትራ ኣብ መፋርቕ 1995 ነቲ ኣብ ሕ.መ.ኣ ዝሰርሓሉ ኣገባብ ምክፍፋል መሬትን ውጥን ኣጠቓቕማ መሬትን ድሕሪ ምርዓም፣ ምስ ማብቁዓዊ ፍልጠት ሕብረተሰብና ብምውሳብ ብድሩት ዓቕምን ሰፍሓትን ንጥቀመሉን ንሰርሓሉን ኣሎና ክበሃል ይከኣል።

**መጽናዕቲ ንምንታይ ኣድላዪ፧**

**መጽናዕቲ ኣጠቓቕማ መሬት ዘድልየሉ ቀንዲ ምኽንያት፦**

1. መሬት ኣብዚ እዋን ብኸመይን ንምንታይን ንጥቀመሉ ኣሎና ንምፍላጥ።
2. ብኸምዚ ንጥቀመሉ ዘሎና እንተቐጺልና ኣብ መጻኢ፣ ኣብ መሬትን ትሕዝቶኡን ክመጽእ ዝኽእል ሳዕቤናት ንምምማት።
3. ብቑጠባ ዝያድ ንረብሓሉ፡ ብሕብረተሰብና ድማ ቅቡል ዝኾነ ከምኡውን ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ወጻኢት ክንረኽበሉ እንኽእልን ካልእ መዓላ እንተሎ'ውን ንምድህሳስ እዩ።

ስለዚ፣ መጽናዕቲ ኣጠቓቕማ መሬት፣ ኣብ መሬት ዝትግበር ዘሎ ህልዊ ኣጠቓቕማ መሬት ከመይ ይመስል ብምጽናዕ፣ በዚ ዘለዎ ኣገባብ ኣጠቓቕማ እንተቐጺሉ ንመጻኢ እንታይ ኪጋጥሞ ይኽእል ንምትንባይን ኣሉታዊ ሳዕቤናት እንተልዩ ገለ መፍትሒ ብኣዋኑ ከተኣታቱ ይሕግዘና።

ብመስኖኣዊ ሕርሻ ዝለምዕ ዘሎ ሓደ ወሰን ስፍሓት ዘለዎ መሬት ከም ኣብነት እንተደኣ ወሲድና፣ ናይቲ ቦታ ሓመድ ወይ ከኣ እቲ ንጥቀመሉ ዘሎና ማይ ቁሩብ ጨዋምነት እንተደኣ ኣለዎ ኢልና፣ ምስ ግዜ እቲ ኣብ ትሕቲ ባይታ ዘሎ ጨው ብካፒላሪ (capillary action) ንላዕሊ (surface) ስለ ዝድይብ ድሕሪ ግዜ ብሰንኪ ብኸላ ጨው እቲ ቦታ ካብ ሕርሻዊ ልምዓት ወጻኢ ኮይኑ ንሓዋሩ ከም እንኸስር ክንከውን ኢና። ዝ ናብ ንበር ንኽንመልሶ ኣዝዩ ብዙሕ ዋጋ ክሓተና ከኣ ኢዩ። ስለዚ ዝ ሳዕቤን እዚ ንምውጋድ፣ ውጥን ብምድላው፣ ወይ መዓላ/ኣጠቓቕማ መሬት ከም ዝቕየር ምግባር ወይ ድማ ሓደ ውሕሉል ኣገባብ ምስታይ ማይ ከም ኣብነት ነጠብጣባዊ መስኖ (drip irrigation) ከተኣታቱ፣ ኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ድማ ደረጃ ጨዋምነቱ እናተኸታተልና ኣብ ዘሰክፍ ደረጃ ከይበጽሐ ከሎ ብዕምቆት ብምሕራስ ብብዝሒ ማይ ከም ዘዕለቕልቕ (flooding) ብምግባር ጨው ብማይ ተበጺባዪ ስለዝኾነ ተበጺበቡ ታሕቲ ከምዝወርድ ምግባር ይከኣል።

**ኣብ መጽናዕቲ ኣጠቓቕማ መሬት እቶም ዝጸንዑ ባእታታት መሰመን እዮም እንተደኣ ኢልና (እዚ ብፍላይ ንሕርሻ ዝምልከት እዩ) ብሰፊሑ ኣብ 3 መቓልና ክንርእዮም ንኽእል፦**

1. መጽናዕቲ ሓመድ እቲ ቀዳማይ ዝግበር መጽናዕቲ ኢዩ። ሱር ኣትክልቲ ወይ ዘራእቲ እኩል ሓመድ ኣለዎ ዶ ንምፍላጥ ዕምቆት ሓመድ (soil depth) ይጽናዕ፣ ከምኡውን ማእለም ሓመድን (soil texture) ቅርጺ ሓመድን (Soil structure) ብምርኣይ ማይን ማዕድናትን ይዓቁር ድዩ የዝሩቕ ንምምጋም የገልግል፣ ፍርያምነት ሓመድ (Soil fertility)፣ ህይወታዊ- ግዝፊ ሓመድ (soil organic matter) ካልእን ከም ኣድላይነቱ መጽናዕቲ ይግበር። ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ድማ፣ እቲ ቦታ ኣብ ምንታይ እንተኣውዒልናዮ ይምረጽ ክንግምግም የኽእለና። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ሃገር ግን ነቲ ክንጥቀመሉ ንሓስቦ ዘሎና ንጥፈት ሕጽረታት (Limitations) እንተሃልዩ ገለ ወጻኢታት ይሓተና ደኣ እምበር ክተዓራረን ክፍወስን ከም ዝከኣል ምፍላጥ የድሊ። ገለ ምትዕርራያት ብጉልበት ወድ-ሰብ ጥራይ ዝግበር ክኸውን ከሎ (ንኣብነት ጸዳፍነት ንምትዕርራይ)፣ ገሊኡ ግና ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ክሓተና ይኽእል (ንምሽሻሪ ይኹን ካልእ ግብኣት ወዘተ)።



2. እቲ ካልኣይ ዝመጽእ ድማ ክሊማ ኮይኑ እዚ ዳርጋ ምሉእ ብምሉኡ ካብ ቁጽጽር ወዲ ሰብ ዝወጸ እዩ ማለት ወዲ ሰብ ኣብዚ ክገብሮ ዝኽእል ምትዕርራይ ወላ ሓደ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። እንተኾነ ግን፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሓምላይ ቤት (Green House) ብምግባር ንኡስ ክሊማ (Micro-climate) ብምምዕራይ ክትጥቀመሉ ዝከኣል ኢዩ። እዚ ግን ብዙሕ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ዝሓትት እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ብዝተኽኖሎጂ ሓምላይ ቤት ከተልምዖ እትኽእል መሬት ብስፍሓቱ ኣዝዩ ወሱን ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

3. እቲ ሳልሳይ ዝመጽእ ድማ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ወዲ ሰብ ዝኾነ እዩ። እዚ ድማ ንምሕደራ ሕርሻ (Farming System Management) ዝምልከት እዩ። ምሕደራ ሕርሻ ማለት መሬትካ መዓስ ትሓርሶ፡ ክሳብ ክንደይ ዕምቆት ትሓርሶ፡ መዓስ ትዘርኦ፡ መዓስ ማይ ተስትዮ መዓስ ትጎስዮ መዓስ ትጸህዮ ወዘተ። እዚ ኩሉ ኣብቲ ሕርሻ እትትግብሮ ንጥፈታት ዝምልከት ኮይኑ ኣብ ግዜኡን መዓልቱን እንተደኣ ዘይተተግበሩ ኣብ ፍርያምነት ሃስያ የስዕብ። እዚ ሳልሳይ ባእታ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ወዲ ሰብ ስለዝኾነ ፍርያምነት ንምዕዛዝ ግቡእ ክትትል ተገይሩሉ ክትግበር ኣለዎ ኢዩ።

ኣብ ሃገርና፣ ንወሰን ከበቢታት እንተዘይኮይኑ፣ ክሳብ ሕጂ ብሃገር ደረጃ እተጉብረ መጽናዕቲ ኣጠቓቕማ መሬት (Land use land cover)፡ ምዳባ መሬት (Land capability/Stability) ከምኡውን ንመጻኢ መዓልኡ ዘገልግል ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት (Land use plan) ኣይተጉብረን። እዚ ክግበር እንተደኣ ኮይኑ ሓደን ቀንደን ዘድሊ ነገር፣ እዋናዊ ናይ ሳተላይት ስእልታት (Sat-Images) ምድላው ኢዩ። ሃገር ምሉእ ዝሸፍን ናይ ሳተላይት ስእልታት ብዘይምህላው፣ ካብዚ ሓሊፉ ብኻልኣይ ደረጃ ዝረአ ማሕንቖ ድማ ናይ ኣጠቓቕማ መሬት ፖሊሲ ዘይምህላው፣ እቲ ሳልሳይ ድረጃ ዝረአ ማሕንቖ ድማ ምናልባት እኹልን ምኩር ዓቕሚ ሰብ ዘይምህላውን ክኸውን ይኽእል።

**መሬት ኤርትራ ብዓይኒ ሕርሻ ክረአ ከሎ፣ ማለት ብሓፈሻዊ ኣረኣእያ (at a reconnaissance level) ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ወይ ዓይነታት ከፋፊልካ ክረአ ምተኻእለ፦**

1. ምዕራባዊ ጎላጉል፦ እዚ ዳርጋ ምሉእ ዞባ ጋሽ ባርካን ክፋል ዞባ ዓንሰባን ዝሸፍን ኮይኑ ደሓን ዝኾነ ሽፈነ ኣግራብ ከምኡውን ብዙሓ እንስሳ ዘጉዳምን ዘቤትን ዘለዎ እዩ። እንተኾነ ካብ ድሕሪ ናጽነት፣ ገለ ክፋሉ ናብ መዓላታት ክረምታዊን መስኖኣውን ሕርሻታት ከም እተቐየረ ይፍለጥ። እዚ ለውጢ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬት፣ ብሃገር ደረጃ እቶታውነት እኳ እንተኣዕበየ ማለት ኣብ ውሕስነት መግቢ (ዘራእቲ) ዕብየት ኣምጺኡ እኳ እንተኾነ፣ ኣብቶም ዝነብሩ እንስሳታት ዘጉዳም ኮነ ዘቤት ግን ሃስያ ኣውሪዱ ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ እዞም እንስሳታት መግቦም ዝምእርሩሉ መሬት መጉሓጺ እዩ እናተቐጥቀጠ ናብ ሕርሻ ተቐዪሩ። እዚ ምሽማው ማዓልታት (Land competition) ኢጋጢሙ ኢልና እንገልጾ ኩነት ኢዩ። በዚ ኩነት፣ እቶም እንስሳ ዘጉዳም ናብ ካልእ ቦታታት ክሰገሙ ክግደዱ እንከለው፣ እንስሳ ዘቤት እውን ኣብ ወሰን ከብቢ ጥራይ ስለ ዝበልዑ፣ መጉሓጺኣን ይጸብበን፣ እቲ መሬት ከኣ ልዕሊ ዓቕን ምግዛጽ (Over grazing) የጋጥሞ። ንምድካይ መሬት ከኣ ይቃላዕ።

2. ማእከል ከበሳ (Central Highland)፦ እዚ ዝባ ማእከል፡ ዞባ ደቡብን ክፋል ዞባ ዓንሰባን ዘጠቓልል፣ ብሓፈሻ ቅርጺ መሬቱ ክረአ ከሎ ብጎቦታትን ሰንጭሮታትን ብወሰን ድማ ለሰን ዘለዎ ኮይኑ ንጥራትን ዘራእትን እንጥቀመሉ እዩ። ብሰንኪ ብዝሒ ህዝብን ዋሕዲ ትሑት ትሪ ዕቃብ ዘለዎ ንሕርሻን ካልእ ዘገልግል መሬትን፣ ኣብዚ ቦታ ልዑል ውድድር ናይ ኣጠቓቕማ መሬት ኣሎ (High land use competition)። በዚ ድማ ምድካይ መሬት ኪጋጥም ስለዝኽእል ውሕሉል ናይ ኣጠቓቕማ መሬት ክግበረሉ ይግባእ።

3. ምብራቓዊ ጎላጉል፦ እዚ ቦታ እዚ ሰሜናውን ደቡባውን ዞባታት ቀይሕ ባሕሪ ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ወላ እኳ ክሊማኡ ምድረበዳ እንተኾነ ብዙሓት ወቕታዊ ወሓይዝ ዝሓልፎ ስለ ዝኾነ፣ ጸዕቂ ሰብ ድማ ስለ ዘይብሉ ውድድር ናይ ኣጠቓቕማ መሬት የሎን ወይ ድማ ትሑት እዩ ክንብል ንኽእል።

ከም ኣብነት፣ ኣብ መንጎ ምዕራባውን ምብራቓውን ጎላጉል ዘሎ ውድድር ኣጠቓቕማ መሬት ከምኡውን እቶታውነት ኣነጻጺርና ምስ እንርእዮ፣ ኣብ ላዕሊ ከም እተጠቕሰ ኣብ ምዕራባዊ ጎላጉል ኣግራብ ብምብራስ መሬት ናብ ክረምታውን መስኖኣውን ይቕየር ኣሎ፡ ብሕልፊ እቲ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ ዝተቐየረ ቦታ ብፍላይ ኣብ ን/ዞባ ጎልጅ በቲ ሓደ ወገን ንእንስሳታት ዘቤትን ዘጉዳምን መጉሓጺኣን ስለንደርቶ ወይ ነጺጡ ስለዘሎና ንዕቤትን ብዝሕን እስሳታትና ብኣሉታ ንጽልዎ ኣሎና። ኣብ 2009 ዝተጉብረ ኣፈናዊ መጽናዕቲ ከምዝመልክቶ፣ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ከባቢ፡ ክረምታዊ መሬት ሕርሻ መጀመርያ ብኣርባዕተ ማሕረሻ ይግምጠል። ድሒሩ ብዕስራን ኣርባዕተን ዲስክ ተሓሪሱ ይዝራእ እንተውሓደ ድማ ሓንሳብ ይጉሰን ይጽሃይ። ካብዚ ዝርከብ እቶት ድማ ብማእከላይ ገምጋም 12 ኩንታል ካብ ሄክታር እዩ። ናብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ምስ እንመጽእ ግን ሓንሳብ ብጀረፍ ተባሂሉ ዝፍለጥ ማይ ካብ ውሕጅ ናብ ግራት ኣሊኻ ናይ ምስታይ ማሰርሕ እቲ ግራት ክሳብ ዝመልእ ሰትዩ፣ ማይ ምስ ዘፈፈ ብሸለኻ ተዘሪኡ ብዘይ ንጽሃያይ ንገሲያ ንምሕረስ ዝግበር ጻዕርን ወጻኢታትን ብገምጋም 28 ኩንታል ማሽላ ካብ ሄክታር ክሕፈሶ ይኽእል።

እዚ ዘጸርዩ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ውድድር (Competition of Land) ኣብ መሬት ዳርጋ ስለዘየሎ፣ ከምኡውን ሓንሳብ ጀሪፍ ጀሪፍካ ምስ ኣዳለኻዩ ብዙሕ ስራሕ ኣየድልየን እዩ። ኣብ ምዕራባዊ ኣጻድፍ ግን ሓደ ናይ እንስሳታት መጉሓጺ ዝበረ መሬት እዩ ናብ ዘራእቲ ዝቐየር ዘሎ፣ ስለዚ እቶን እንስሳታት ኣብቲ ዝተረፈ ማለት ናብ ሕርሻ ዘይተቐየረ መሬት ብጾዕቂ ስለ ዝምግባን ብብዝሒ ስለ ዝረግጽኦን፣ ብሰንኪ ልዑል ምግዛጽን ኣረግጽን ሓመድ ሽፋኑ ይቐንጠጥ፣ እልሙቱን ቅርጹን ተሰቢሩ ንፍግሪ መሬት እተቓልዐ ይኸውን። በዚ ምኽንያት ምድካይ መሬት ብልዑል ዓቐን ይኽሰት። እንስሳ ዘጉዳም እውን እንተኾነ ብሰንኪ ሕጽረት ሳዕርን ምዕጋት ማይ ዘስትያሉ መንቀሳቐሲ ቦታታትን ይሰግሙን ከምኡውን ክስስና ኣይክእላን።

**ኣቓዲምካ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ከይኣዳለኻ ምስራሕ፣ ካብ ሰናይ ድሌት ምዕባለ ብምብጋስ ጥራይ ኣብ ሃገርና ካብ እተጉብሩ ጌጋታት ኣጠቓቕማ መሬትን እሞ ደሓር ብሰንኪ ዘዕብዮ ክሰራታት ከም ኣሉታዊ ኣብነታት ኮይኖም ዝገለጹ ዘለዉ ሓደ ክልተ ንርአ፦**

1. ዞባ ማእከል፡ ብእንዳ ኮርያ ዝፍለጥ ኣብ ከበቢ ሰምበል እተሃነጸ ገዛውቲ ኣቓዲሙ ኣዝዩ ልሙዕ ጀረዲን፣ ከምኡውን መሬት መጉሓጺ (Range land) ከም ዝነበረ ይፍለጥ፡ መንግስቲ ነቲ ዝነበረ ሕጽረት መንበሪ ኣባይቲ ንምቅላል ካብ ሰናይ ድሌት ንመንበርን ትካልን ወዒሉ፥ ኣብዚ እቲ ካብኡ ዝፈሪ ዝነበረ ወጻኢት ሕርሻን ከብትን ከሰርናዮ ንርከብ፣ ብዘወሳኺ ዓይነት ሓመድ እቲ ከባቢ ዋላኻ (Vertisol) ስለ ዝኾነ፣ ዋላኻ ድማ ብዙሓ ሶድየም (Sodium) ስለ ዘለዎ ኣብ ግዜ ክረምቲ ወይ ማይ ኣብ ዝረኽበሉ ግዜ ይንፋሕ ማይ ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ ድማ ይጨብጠጥን ነቓዓት ድማ ይፈጥርን። ስለዚ እቲ ኣባይቲ፣ ኣብ ታሕቲ መሰረት፣ ብሰንኪ ምስ ማይ ምህላውን ዘይምህላውን ዝኽሰት ምንፋሕን ምጭባጥን መንቃዕቲ ከጋጥሞ ልዑል ተኽእሎታት ኣሎ።

2. ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ በዩሉል ዝተባህለ ቦታ ኦኣሰስ (Oasis) ማለት ኣብ ማእከል ኣጻምእ ዝርከብ ለምለም ቦታ ኣብ 2003/2004 ናብ ሕርሻዊ ልምዓት ክውዕል ብምባል፣ ኣብኡ ዝነበረ ኣግራብ ዓርኮብኮባይ ተቖሪጹ፣ ናብ መዓላ ብመስኖ ዝለምዕ ሕርሻ ተቐዪሩ፣ እቲ መሬት በዱ ወይ ድንግል ብምንባሩ ንሓደ ክልተ ወቕትስ ኣዝዩ ጽቡቕ ፍርያት ተረኺቡዎ ኢዩ። ደሓር ግን መሬት ጨዋም ስለዝነበረ፣ ጨው ናብ ላዕሊ ወጺኡ፣ ፍርያምነቱ ከኣ ኣዝዩ ኣንቈልቊሉ። ስለዚ ቀጻልነትን ውሕስነት ዝይብሉ መዓላ ሕርሻ፣ ነቲ ዝነበረ ናይ ኦኣሰስ ስርዓተ-መንበር (Oasis Ecosystem) ከም ዝዓኑ ኮይኑ፣ ኣግራብ ዓርኮብኮባይ ተቖሪጹ ጠፊኡ፣ እቲ መሬት ድማ ዓሪቑ ንፍግሪ መሬት ተቓሊዑ፣ ኣብኡ ዝነበረ ህይወታዊ ብዙሕነት ድማ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ክበሃል ይከኣል።

**መደምደምታ**

ዝኾነ ይኹን ኣብ መሬት ዝግበር ንጥፈታት፣ ህንጻዊ ንበሎ፣ ሕርሻዊ፣ ቱሪዝማዊ ካልእ ጠቓሚ ዝበሃል ምዕባለታት፣ ነቲ ኣቓዲሙ ዝበረ ኣጠቓቕማ መሬት (መዓላ) ናብ ካልእ ዝቕይሮ እንተደኣ ኮይኑ፣ ምስ ኣካላት ምሕደራ መሬት ብምርድዳእ፣ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ተኻይዱሉ፣ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ተዳልዩሉ፣ ብኽኢላታት ከይተፈቕደ ምምዕባሉ ቅኑዕ ኣይኮነን። ስለዚ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ኮኑ ማሕበራት ሕብረተሰብ ዝ ተገንዚቦም ኣድላዪ ዘበለ ኩሉ ምትሕብባር ክገብሩ ግዜኡ ዝጠልቦ ጉዳይ እዩ።

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1
Fax: (+291) 1
www.bishami

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: Blaster for Production Sublevel Stoping

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- An Underground Hard-Rock Mining Blaster is responsible for safely loading and detonating explosives and ensuring controlled rock fragmentation to support development and production activities in underground mines. The role requires strict adherence to safety, explosives handling and regulations, and operational precision.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Blasting operations**

- Making working place safe by barring and watering down the workplace to release loose rocks and suppress dust respectively
- Blow out drilled holes in order to clean the same by using hose pipe and charging rods prior to charging
- Prepares primers for inserting drilled holes in correct sequence to achieve blast efficiency and correct timing
- Arranges transportation of explosives back to magazine to keep it in tidy condition and avoid wastage
- Charges dumped (large rocks) using slabs in order to fragment them into acceptable portions thereby easing mechanical lashing and creating further room for other dumping
- Checks circuit continuity of blasting cable in order to ascertain that connection is complete and ready for blasting
- Assists the Shift Boss in carrying out charging operations as to give a hand in blasting operations as per standard requirement
- To carry out all primary/secondary charging and blasting in accordance with explosives regulations
- Supervises and assists in transporting drilling machine with ancillary equipment to new site
- Taking responsibility of the advance for each blast conducted
- Safety and health of his subordinates and himself regarding mining and safety regulations
- Preform any other duty as may be assigned by the supervisor
- Attend all training programmes organised by either Mining training or the operating sections themselves.

**Health, Safety and Environment**

- Drive health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance
- Conduct a blast site hazard assessment to ensure the site is safe work environment.
- Facilitate SLAM, VFL, PTO, Training.

**Unique requirements/other information**

- Strict legal compliance with explosives transport, storage, usage, and record-keeping legislation.
- Candidate must be medically and physically fit for the role
- Willingness to undergo recurrent training for misfire management, hazardous materials, and emergency response.
-

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Grade 12 or Equivalent<br>• Valid blasting certificate<br>• Valid First Aid Certificate<br>• Valid driver's license. | • 5 years minimum experience in hard rock underground blasting operations<br>• Experienced with underground non-mobile and mobile blasting equipment.<br>• Experience with Maxam explosives is an added advantage.<br>• Must have knowledge and training evidence of operating a charging unit preferably Normet.<br>• Woking at height Training is essential.<br>• Training or certification in explosives handling or mine safety is an asset.<br>• General understanding of ground condition, ground support systems and familiarity with underground mining equipment and haulage operations.<br>• Knowledge of detonators, fuses, timing systems, delay blasting assemblies, and explosive types.<br>• Ability in mine safety procedures, hazard mitigation, and confined-space work. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Ability to assess workplace hazards and potential risks, and diagnostically gather information<br>• Preparation and placement of explosive charges, detonator systems, delay sequences, and wiring circuits.<br>• Follow the designed sequencing to ensure fragmentation quality and ground stability.<br>• Results orientated<br>• Communication skill. | • High attention to detail as explosives work demands precision and error-free execution.<br>• Ability to remain calm under pressure, especially during blast preparation and misfire management.<br>• Teamwork & communication, collaborating with drillers, surveyors, geologists, and mine supervisors.<br>• Strong risk-management mindset and commitment to safety protocols<br>• Ability to work in confined spaces, heat, dust, and noisy environments |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

